ናይ ምቅርራብ ኩነታቶምን ምስ ካሊእ ወላዲ ዘለዎም ርክብን ብዘየገድስ ፤ወለዲ ናይ ደቆም ጉዳይ ሓላፍነት ኣለዎም። ወለዲ እንተተፋቲሖም ወይ ከዓ እንተተፈላልዮም ንደቆም ብኸመይ ክሕብሕቡ ከምዘለዎም ዝብል ጠቃሚ ውሳነ ክውሰን ኣለዎ። እንድሕር ደኣ ወለዲ ናይ ሓባር ቆልዓ ሃልይዎም ግንከዓ ርክብ ዘይብሎም ተኾይኖም እዘም ዉሳነታት ኣብዚ እውን የድልዩ እዮም።

እዘም ኣድለይቲ ውሳነታት፡-

- እቶም ቆልዑ ኣበይ ክነብሩ ከምዘለዎም
- ኣብ ከይዲ ህይወቶም መዓዝ መዓዝ ምስ ቤተሰቦም ወይከዓ ምስ ካልኦት ሰባት ግዜ ከሕልፉ ከምዘለዎም
- ብዛዕባ ናይ ደቆም ውሳነታት ብከመይ ክምዝካየድ

ወለዲ ኣብዘም ጉዳያት እንድሕር ደኣ ዘይተስማዕሚዖም፤ ናይ ቤተሰብ ሕግታት ንምርካብ ቤት ፍርዲ ክሓቱ ይክእሉ እዮም። ናይ ቤተሰብ ሕጊ ክዳሎ ከሎ ቤት ፍርዲ ኣብ ግምት ከእትዎ ዘለዎምን ዘይብሎምን ሕግታት ኣለዉ። ነቲ ሕጊ ምርዳእ (ምፍላጥ)ነቶም ወለዲ ኣብ ናይ ባዕሎም ስምምዕ ንኽበፅሑ ይሕግዞም እዩ። ናብ ቤት ፍርዲ ዝኸይድ ወላዲ እውን እንታይ ክሓትት ከምዘለዎ ከምኡ እውን ምኽንያቶም ብዝበለፀ ገለፃ ንክገብሩ ይሕግዞም እዩ።

ናብ ቤት ፍርዲ ቕድሚ ምኻድካ ካልእ ኣማራፅታት ምምርማር ኣገዳሲ እዩ። ብዛዕባ ኣተዓባብያ ቘልዑ ዘይሰማምዑ ወለዲ ብሓገዝ ከም ማእከላይ ስድራ ቤት ዝኣመሰለ ሳልሳይ ወገን ስምምዕ ክገብሩ ይኽእሉ እዮም። መብዛሕትኦም ወለዲ ናይ ኣተዓባብያ ትእዛዝ ቅድሚ ምሕታቶም ናይ ስድራ-ቤት ዘይምስምማዕ ንምፍታሕ መስርሕ ክጥቀሙ የድልዮም እዩ ።

## ናይ ቤተሰብ ስርዓት ትሕቶታት

ናይ ቤተሰብ ስርዓት ዝውሰን፡-

- ናይ ቤተሰብ ጊዜ፡ እቱ ውላድ ምስ ሕድ ሕድ ወለዲ ከሐልፍ ከሎ
- ውሳነ ምውሳን ሓላፍነት፡ ብዛዕባ ንውላድ ጠቐምቲ ውሳነታት ምድላው

ከምኡ እውን ናይ ቤተሰብ ስርዓት፡-

- ነቶም ቆልዑ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ናይ ምንቅስቃስ ምፍቃድን ዘይምፍቃድን (ናብ ካሊእ ቦታ ምዝዋር ከም ቦታ ምቅያር እዩ ዝሕሰብ እንድሕር ደኣ ነቲ ቆልዓ ምስ ካሊእ ወላዲኡ ዘለዎ ርክብ ፅልዋ ተሃልይዎ)
- በዘይ ናይ ክልቲኦም ፍቃድ ወይ ከዓ ናይ ቤት ፍርዲ ትእዛዝ ነቲ ቆልዓ ካብ ሓደ ቦታ ምልዓል ኣይፍቀድን
- ናይ ቤተሰብ ጊዜ ወይ ከዓ ነቲ ቆልዓ ናብ ቤተሰብ ምልኣኽ ምክትታል
- ቤት ፍርዲ ኣድለይቲ ዝብሎም ነገራት፡ ኩነታት ወይ ክልከላታት ኣብ ግምት ምእታው። ንኣብነት ናይ ቤተሰብ ስርዓት ወለዲ ምስ እቶም ቆልዑ እናሃለዉ ኣልኮል መስተ ዘይምውሳድ።

## ናይ ወለዲ ግዘ

ናይ ወለዲ ግዜ ማለት ቆልዑ ምስ ወለዶም ዘሕልፍዎ ግዜ እዩ። ምስ ወለዲ ዋላ በኣካል ኣይራከቡ ብካሊእ መንገዲ ዝራከብሉ ግዜ እውን የጠቓልል እዩ። ንኣብነት እንድሕር ደኣ ወላዲ ኣብ ናይ ስድራ ግዜኡ ቆልዓ ትሕብሕብ ቆፂሩ፤ ናይ ወለዲ ግዜ ተባሂሉ እዩ ዝሕሰብ።

ቆልዑ ምስ ወለዶም ዘሕልፉሉ ግዜ ብብዙሕ መንገዲ ክምቀል ይኽእል እዩ። ዝተወሰኑ ኣብነታት እቶም ቆልዑ፡-

- ብትልሚ ወይ ናይ ወለዲ ስምምዕ መሰረት መብዛሕቲኡ ግዜ ምስ ሓደ ወላዲ ምንባር ከምኡ እውን ምስ እቲ ካሊእ ወላዲ ግዜ ምሕላፍ
- ምስ ሕድ ሕድ ወላዲ ዝነብርሉ ሰሙናት ምቅይያር
- ኣብ ሰሙን ዘለዉ መዓልትታት ምስ ሓዲኦም ስድራ ምንባር ኣብቶም መዓልትታት ሰሙን ምቅያርን ዘይምቅያርን

ናይ ትምህርቲ ዕረፍቲን ናይ ክረምቲ ጉዕዞታትን ከምኡ እውን ዝኾነ ይኹን ፍሉይ ዕለት ከም ልደት ወይከዓ ናይ ሃይማኖት በዓላት ዝኾኑ እዋናት ዝተፈላለዩ ትልምታት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም።

ከምኡ እውን ናይ ቤተሰብ ግዜ እዘም ዝስዕቡ ከጠቃልሉ ይኽእሉ እዮም፡-

- እቶም ቆልዑ ካብ ሓደ ገዛ ናብ ካሊእ ገዛ ንምንቅስቃስ ኣብ ዘሎ ናይ ምብፃሕን ምውሳድን ግዜን ቦታን
- እቶም ቆልዑ ምስ ካሊእ ወላዲኦም ኣብ ዘለዉዎ ግዜ ዘሎ ምርድዳእ
- ኣብ ናይ ቆልዑ ጉዳይ ናይ ምርካብ

## ውሳነ ናይ ምውሳን ሓላፍነታት

ውሳነ ናይ ምውሳን ሓላፍነታት ማለት ንናይ ቆልዓ ህይወት ጠቃሚ ዝኾኑ ውሳነታት ምውሳን ማለት እዩ። እንድሕር ደኣ ስድራ በሓንሳብ ኮይኖም ፤ እዘም ውሳነታት መብዛሕቲኡ ግዜ ሓቢሮም እዮም ዝውስንዎ። እንድሕር ደኣ እዘም ስድራ ብሓባር ተዘይኮይኖም ፤ ወይ ከዓ ርክብ ፈፂሙ እንድሕር ዘይብሎም ፤ እዘም ውሳነታት ሐዚ እውን ኣድለይቲ እዮም። እቶም ወለዲ እንድሕር ከመይ ክውስኑ ከምዘለዎም ዘይተስማዕሚዖም፤ ቤት ፍርዲ ብዛዕባ ውሳነ ምሃብ ሓላፍነት ትእዛዝ ክህብ ይኽእል እዩ።

ውሳነ ናይ ምሃብ ሓላፍነት ኣብቶም ወለዲ ናይ ሓባር ኽኸውን ይኽእል እዩ ፤ ወይከዓ ሓደ ወላዲ ናይ ውልቀ ውሳነ ናይ ምሃብ ሓላፍነት ክህልዎ ይኽእል እዩ። ከምኡ እውን ኣብ መንጎ እቶም ወለዲ ክካፈል ይኽእል እዩ፤ ምስ ሕድ ሕድ ወላዲ ንዝተፈላለዩ ውሳነታት ሓላፍነት ይወስድ። እንድሕርደኣ ውሳነ ምሃብ ናይሓባር ኮይኑ ፤ እዘም ስድራ ኣብ ዘይስማዕምዕሉ እንታይ ከምዝተፈጠረ ናይ ቤት ፍርዲ ትእዛዝ ክወፅእ ይኽእል እዩ። እንተድኣ ሓደ ወላዲ ብኽፋል ወይከዓ ምሉእ ብምሉእ ናይ ምውሳን ስልጣን ሃልይዎ ፤ ናይ ቤት ፍርዲ ትእዛዝ ነቲ ካሊእ ወላዲ ምምኻር ከም ዘድሊ ክቐመጥ ይኽእል እዩ።

ውሳነ ናይ ምሃብ ሓላፍነት ስለ ናይ ቆልዑ መዓልታዊ ውሳነ ምውሳን ማለት ኣይኮነን፤ ከም እንታይ ክበልዑ ወይ ከዓ ታይ ክኽደኑ ወይከዓ ናይ ክንደይ ዝኣክል ይደቅሱ ኣይኮነን። ብዛዕባ ብዝበለፀ ጠቐምቲ ዝኾኑ ውሳነታት እዩ። ካብኣቶም እዘም ዝስዕቡ ፤ ግን ኣብ እዚኦም ጥራሕ ዝተወሰኑ ኣይኮኑን። እዘም ውሳነታት ከም፡-

- ትምህርቲ
- ባህሊ
- ቋንቋ
- ሃይማኖት(እምነት)
- መንፈሳዊነት
- ተወሳኺ ናይ ትምህርቲ ንጥፈታት
- ናይ ሕክምና ክትትል
- ናይ ሽም ምቕያር
- ናይ ቆልዑ ምሕብሓብ

## ናይ ቆልዓ(ውላድ) ኣገደስቲ ድልየታት

ቤት ፍርዲ ናይ ቤተሰብ ስርዓት ከውፅእ ከሎ ትኹረት ዝህበሉ ነቶም ቆልዑ ዘሐሸ እንታይ እዩ ዝብል ጥራሕ እዩ። ናይቶም ወለዲ ድሌት ወይ ባህጊ ኣይኮነን ።

ሕጊ ንኣዶ ካብ ኣቦ ኣየብልፅን ወይ ከዓ ኣቦ ካብ ኣዶ ኣየብልፅን፤ ዋላ ኣብ ናይ ብጣዕሚ ኣናእሽተይ ቆልዑ ይኹን ። ሕጊ ነቶም ኣወዳት ምስ ኣቦኦም ክኾኑ እተን ኣዋልድ ምስ ኣዲኦን ክኾና ኣይመርፅን።

ቀዋሚ ዝኾነ ናይ ቤተስብ ስርዓት ምትዕርራይ የለን ፤ ኣብ ናይ ቆልዓ ዝሐሸ ድሌት ዝተመስረተ እዩ። ንኣብነት ቤት ፍርዲ ቆልዓ ምስ ሕድ ሕድ ወለዱ ማዕረ ዝኾነ ግዜ ምሕላፍ ዝበለፀ ምትዕርራይ እዩ ኢሉ ኣይሓስብን። ወለዲ ነቶም ቆልዑ ዝበለፀ ድሌት እንታይ ከምዝኾነ ከርእዩ ኣለዎም።

## ናይ ዝበለፀ ድሌት ምኽንያታት

ናይ ስድራ ምትዕርራይ ቅድሚ ኩሉ ናይ እቱ ቆልዓ ኣካላዊ፡ ናይ ሓንጎልን ስምኢትን ድሕንነት ናይ ግድን ክሕሉ ኣለዎ ፤ ከምኡ እውን ደሕንነቶምን ጥዕነኦምን ክሕሊ ኣለዎ። ቤት ፍርዲ  ናይ ቆልዓ ዝሓሸ ጥቕሚ ኣብ ግምት ከእቲ ኣለዎ። ቤት ፍርዲ ኣብ ግምት ከእትዎም ዝግብኡ ነገራት ኣለው፤ ነገር ግን ናይ ሕድ ሕድ ቆልዓ ኩነታት እውን ኣብ ግምት ክኣቲ ኣለዎ።

ናይ ቆልዑ ዝሓሸ ጥቕሚ ንምውሳን እዘም ዝስዕቡ ነገራት ኣብ ግምት ክኣትው ኣለዎም፡-

- ናይቲ ቆልዓ ዕድመን ናይ ዕብየት ደረጃን መሰረት ዝገበሩ ድሌታት
- ምስ ሕድ ሕድ ወለዱን ካልኦት ኣብ ህይወት እቲ ቆልዓ ጠቓሚ ግደ ዘለዎም ሰባት ከም ኣሕዋቱን ዓሌቱን ዘለዎ ናይ ርክብ ባህርን ጥንካረን
- እቲ ቆልዓ ምስ ሓዲኦም ወለዲ ዘሎዎ ርክብ ኣብ ምሕጋዝ ዘሎ ናይ ክልቲኦም ወለዲ ድሌት
- ናይ ቆልዓ ምሕብሓብ ታሪኽ
- ናይቲ ቆልዓ ድሌት እንታይ እዩ፤ ዕድሚኡን ኣትሓሳስባ ብቅዓቱን ኣብ ግምት ክኣቱ ኸሎ
- ናይቲ ቆልዓ ባህላዊ፡ ናይ ቋንቋ፡ ሃይማኖትን እምነትን ኣተዓባብያን ታሪኽን ፤ መቦቀል ኣተዓባብያን ቅርስታትን ሓዊሱ
- ነቲ ቆልዓ ንምሕብሓብ ዝኾነ ዓይነት ትልሚ
- ናይቲ ቆልዓ ድሌት ንሙምላእን ንምሕብሓብን ዘሎ ናይ ወለዲ ወይ ካልኦት ዓቅምን ድሌትን
- ወለዲ ወይ ካልኦት ናይ ምዝርራብን ነኒ ሕድሕዶም ምትሕብባርን ዘሎ ዓቅምን ድሌትን
- ዝኾነ ይኹን ኣብ ስድራ ቤት ዝፍፀም ዓመፅ
- ነቲ ቆልዓ ድሕንነት፡ ሓለዋን ጥዕናን ጠቓሚ ዝኾነ ናይ ቤትፍርዲ ጉዳይ ናይ ቤትፍርዲ ትእዛዝ

## ቁፅፅር ዝግበረሉ ናይ ወለዲ ጊዘ

ቤትፍርዲ ወላዲ ምስ ውላዱ ዝህሉ ግዘ ክትትል ንክግበረሉ ክእዝዝ ይኽእል እዩ። እዚ ማለት እቲ ቆልዓ በይኑ ምስ ወላዲኡ ክኸውን ኣይኽእልን። ናይ ስድራ ጊዜ ብሳልሳይ ኣካል ክትትል ክግበረሉ ይኽእል እዩ፤ ንኣብነት ናይቱ ስድራ ዘመድ ወይ ከዓ ዓርኪ ክኾን ይኽእል እዩ። ኣብ ናይ ስድራ ጊዘ እንተዘይተስማዕሚያም ቤት ፍርዲ ሳልሳይ ኣካል ንክትትል ኣይልእክን ። ናይ ስድራ ጊዘ ኣብ ናይ ቤተሰብ ግዘ ማእከላት ክትትል ክግበረሎም ይክእል እዩ። (ናይ ምቅይያር ፕሮግራም ኣብ ሳስካቶንን ረጂናን)።

ክትትል ዘለዎ ናይ ስድራ ግዘ ዝእዘዝ እንድሕር ናይእቲ ቆልዓ ድሕንነት ወይከዓ ጥዕና ዘትሓሳስብ ተኮይኑ ጥራሕ እዩ ፤ ወይከዓ እቲ ወላዲ ነቲ ቆልዓ ኣይምልሰን ወይ እውን ክጨውዮ ይኽእል እዩ። ንዘም ሓሳባት (ጭንቀታታ)ምክንያትክኾኑ ዝኽእሉ ኩነታት፡-

- ናይ ኣልኮል ታሪክ ወይ ወልፊ ናይ እፅ
- ንቆልዑ ናይ ሓንጎል፡ ኣካላዊ ወይከዓ ግብረስጋ ርክብ ታሪክ ምህላው
- ንነዊሕ ግዘ ምስ ቆልዑ ርክብ ዘይምህላው
- ውሱን ናይ ስድራ ክእለታት

ክትትል ዘለዎ ናይ ስድራ ግዜ ዝእዘዝ ኣብ ውሱን ጉዳያት ጥራሕ እዩ ከምኡ እውን፤ ዋላ ይተኣዘዝ ግን ናይ ነዊሕ ግዘ መፍትሒ ኣይኮነን። እንተድኣ ክትትል ዘለዎም ርክባት ብፅቡቕ ዝኸዱ ክኣይኖም ፤ እቱ ቤት ፍርዲ ድሕሪ ዝተወሰነ ግዘ ክትትል ዘይብሉ ምርኻብ ክውስን ይኽእል እዩ። እንተድኣ ፍርድቤት ክትትል ዘለዎ ናይ ስድራ ምርኻብ ኣዚዙ፤ ነት መከታተሊ ዝወፀ መጠን ሓዲኦም ክከፍልዎ ክውስን ይኽእል እዩ።

ቤት ፍርዲ ነቶም ቆልዑ ምውሳድን ምምላስን ዝከታተል ክእዝዝ ይኽእል እዩ። እዙይ ከዓ ቁፅፅር ዘድልዮ ምቅይያር ይበሃል። ካብ ሓደ ሰብ ናብ ካሊእ ዝግበር ምቅይያር ብሳልሳይ ወገን ቁፅፅር ዘድልዮ ክኸውን ይኽእል እዩ፤ ወይእውን ብቁፅፅር ዘለዎ ናይ ስድራ ግዘ ኣብ ሳስካቶን ወይከዓ ረጂና / ናይ ምቅይያር ፕሮግራም እዩ። ኣብ ናይ ቆልዑ ምልውዋጥ ግዘ እንተድኣ ኣብ ምንጎ ወለዲ ጥሕሰት ወይከዓ ምንዳዳት ሃልዩ ፤ ወይከዓ እቲ ሓደ ወላዲ ኣብቲ ካሊእ ወላዲ ማዕቀብ እንተሃልይዎ ቤትፍርዲ ቁፅፅር ዘድልዮ ምልውዋጥ ክእዝዝ ይኽእል እዩ።

## ናይ ካልኦት ሰባት ግደ ኣብ ናይ እቶም ቆልዑ ህይወት

ሓደ ሓደ ጊዘ ኣብቶም ቆልዑ ህይወት ዘለው ካልኦት ሰባት ፤ ከም ኣባሕጎን እነሕጎን ዝበሉ እውን ምስኣቶም ጊዘ ከሕልፉ ይደልዩ እዮም። ስድራ ኣብ ናይ ባዕልቶም ናይ ቤተሰብ ግዘ ምስትኽኻል ክገብሩ ይኽእሉ እዮም። እንተድኣ እዚ ዘይከኣል ኮይኑ፤ ኣብቶም ቆልዑ ህይወት ዘለዉ ካልኦት ሰባት ምስኣቶም ንከሕልፉ ናይ ቤትፍርዲ ትእዛዝ ክሓቱ ይኽእሉ እዮም።

ኣብ ናይ ፍትሕ ጉዳያት ፤ እንተድኣ ካብ ወለዲ ወፃኢ ዝኾነ ሰብ ከምዚ ዓይነት ትእዛዝ ንክረክብ ኣመልኪቱ ፤ ናይ ምርካብ ትእዛዝ ተባሂሉ ይፅዋዕ። ካብ ወለዲ ወፃኢ ዘለው ሰባት ፤ እንተድኣ ኣብቶም ቆልዑ እኹል ዝኾነ ድሌት ሃልይዎም ናብ ቤተሰብ ጉዳይ ከቅርቡ ይኽእሉ እዮም። እኹል ድሌት ማለት ኣብ ናይ እቶም ቆልዑ ህይዎት ጠቃሚ ግደ ተሃልይዎም ቤትፍርዲ ኣብ ግምት ኣእትዩ ምስኣቶም ግዘ ከሕልፉ ትእዛዝ ከህበሉ ዝኽእል ማለትእዩ።

እንተድኣ ሓደ ሰብ እኹል ዝኾነ ድሌት ሃልይዎ ፤ ቤት ፍርዲ ንኽውስኑ ኣብ ግምት ዘእትዉዎም ዝተፈላለዩ ምኽንያታት፡-

- እቲ ሰብ ኣብቲ ናይ ቆልዓ ህይወት ብከመይ እዩ ግደ ክህልዎ ዝኽእል
- ኣብቲ ናይቲ ቆልዓ ህይወት ግደ ካብ ዝህልዎ ክንደይ ግዘ ኮይንዎ
- ምስቲ ቆልዓ ዘለዎ ናይ ርክብ ደረጃ (መጠን)
- እቲ ዘለዎ ርክብ ንማሕበረሰቡ ከመይ ከምዝቀርብ
- ነቲ ቆልዓ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ዝገብረሉ እንተድኣ ኮይኑ

ቤት ፍርዲ ብዛዕባ ካብ ወለዲ ወፃኢ ዝግበሩ ናይ ምርኽካብ እዋናት ትእዛዝ ንምሃብ ናይቲ ቆልዓ ዝሓሸ ጥቅሚ መሰረት ዝገበረ እዩ ዝኸውን። እቱ ካሊእ ሰብ ነዞም ቆልዑ ምስ ሓዲኦም ወላዲ እናሃለዉ ምስኣቶም ግዜ ከሕልፍ ከምዝኽእል ኣብ ግምት ዘእተወ ዘጠቃልል እንተኾይኑ። እንተድኣ ወለዲ ንዝኾነ ሰብ እንተዘይፈቂዶም፤ ከም ኣቦ ሕጎ እነእምበይተ ዝበሉ ቆልዑ ንምርኣይ ። ቤት ፍርዲ ካሊእ ባእሲ ከምፅእ ስለዝኽእል ትእዛዝ ዘይክህብ ይኽእል እዩ። ግን ኣብ ዝተወሰኑ ኩነታት ቤትፍርዲ ትእዛዝ ክህብ ይኽእል እዩ ፤ ዋላ እቶም ቤተሰብ ኣይስማዕምዑ እዙ ሰብ ኣብ ናይቶም ቆልዑ ህይወት ክህሊ ኣለዎ።

## ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ

**ምንጪ ሕትመት** (ካብ plea.org ብናፃ ክርከብ ይከኣል እዩ)

መምርሒ መፅሓፍ ሕጊ ስድራ ቤት

ምፍልላይን ፍትሕን (ብዓረብኛ ብእንግሊዝኛ ፋርሲ ማንዳሪን ከምኡውን ትግርኛ ይርከብ)

ዓመፅ ስድራ ቤት (ብዓረብኛ ብእንግሊዝኛ ፋርሲ ማንዳሪን ከምኡውን ትግርኛ ይርከብ)

ስምምዓት ወለዲ (ብዓረብኛ ብእንግሊዝኛ ፋርሲ ማንዳሪን ከምኡውን ትግርኛ ይርከብ)

**ምንጪ ኢንተርነት**

canada.ca/familylaw – ብዛዕባ ሕጊ ስድራ ቤትን መጠን ደገፍ ህፃናት ንምግምጋም ወይ ስምምዕ ንምግባር ዘኽእል ናውቲ ኣለዎ ።

famli.plea.org – ብዛዕባ ሕጊ ስድራ ቤት ብዛዕባ እቶም ኣብ ስድራ ቤቶም ዓመጽ ዘጋጥሞም ሰባት ንድሕንነት ዘምልከት መሳርሒ ከምኡውን ሰነዳት ቤት ፍርዲ ስድራ ቤት ንምድላው ዝሕግዝ ቅፅታትን ዝሓዘ እንትኸውን ከምኡውን ብዛዕባ ሓደ ስምምዕ ዝገብር ሰራሕተኛ ስምምዕ ሓበሬታ ኣለዎ ።

plea.org – ብዛዕባ እተፈላለየ ጉዳያት እንተላይ ብዛዕባ ሓደሽቲ ሰባት ዚገልጽ ሓበሬታ ዝሓዘ ተራ ሕጋዊ ሓበሬታ ኣለዎ (newli.plea.org)

saskatchewan.ca (Separation or Divorce) – ነቶም ምስ ምፍልላይ ወይ ፍትሕ ስድራ ቤታት ዝተሓሓዝ ዝኸውን ሓበሬታን ናውትን ኣለዎ ፣ ገለ ኻብዚ ኸኣ ንሰብ ሞያ ግጬት ስድራ ቤት ዝኸውን ኣድራሻ ሓበሬታ ኸምኡውን ሰባት በቲ ማእከል ሓበሬታ ሕጊ ስድራ ቤት ኣቢሎም ንጉዳይ ሕጊ ስድራ ቤት ዝምልከት ጉዳያት ናብ ቤት ፍርዲ ቐሪቦም ንርእሶም ዝሕግዙሉ መሳርሒታትን ሓገዝን ምርካብ ዘጠቓልል እዩ ።

sk.211.ca – ኣብ መላእ ሰስካቸወን ልዕሊ 6,000 ማሕበረሰብ፣ ማሕበራዊ፣ ሕክምናዊ ዘይኰነ ጥዕና ከምኡውን መንግስታዊ ኣገልግሎት ዝሓዘ ናይ ምንዳይ መሰረት ኣለዎ ። 211. ክትድውል ወይ ብሞባይል መልእኽቲ ኽትልእኽ ትኽእል ኢኻ ። ብተሌፎን ኣቢልካ ብልዕሊ 175 ቋንቋታት ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ ።

**Public Legal Education Association of Saskatchewan**
Saskatoon, Saskatchewan
Tel: 306.653.1868 Fax: 306.653.1869 E-mail: plea@plea.org
Web: plea.org

ናይ ስእሊ ክብሪ Shutterstock.

Tigrinya

እዛ ፅሕፍቲ እዚኣ ብዛዕባ እቲ ሕጊ ሓፈሻዊ ሓበሬታ ዝሓዘት እያ። እዛ ፅሕፍቲ እዚኣ ሕጋዊ ምኽሪ ኣይኰነትን ከም ሕጋዊ ምኽሪ ጌርካ እውን ክትርአ የብላን። ብዛዕባ እዝን ብዛዕባ ኻልእ መዳያት ሕግን ተወሳኺ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ምስ ቤተ መፃሕፍቲ ምስ መንግስታዊ ትካል ወይ ምስ ፕሌኤ ተራኸብ። ፕለያ ንህዝቢ እተፈላለየ ሕጋዊ ሓበሬታ ዝህብ መኽሰብ ዘይርከቦ መንግስታዊ ትካል ኢዩ።

ሕጋዊ ምኽሪ እንተደሊኻ ምስ ጠበቓ ተራኸብ።

© 1.0 2022-12

# ናይ ወለዲ ትእዛዝ



PLEA
Legal Information for Everyone